Seattle Office of Labor Standards

# *ምልክታ ጠበቓ ናይ ኮምን፡ ከምኡ’ውን ንሰራሕተኛታት ዝኸውን መሰላት ግዳይ ናይ ገበንን*

ንናይ ሆቴል ሰራሕተኛታት ካብ ምግፋዕ ወይ ናይ መጥቃዕቲ ተግባር ዝከላኸል ሕጊ (Protecting Hotel Employees from Harassing or Violent Conduct Ordinance)፡ ናይ ሲያትል ናይ ከተማ ሕጊ (Seattle Municipal Code, SMC) 14.26፡ ከም ዝእዝዞ ናይ ሆቴልን ተደጋገፍቲ ሆቴልን ትካላት ኣስራሕቲ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ኣጋይሽ ናይ ሆቴላት ዝስማዕ መጥቃዕቲ ወይ ገፋዒ ተግባር ዘምለጡ ሽፈነ ዘለዎም ሰራሕተኛታት የዳልዉ።

**እንተድኣ ካብ ናይ ሆቴላት ኣጋይሽ ዝተሰምዐ ምግፋዕ ወይ ናይ መጥቃዕቲ ተግባር ዘምለጥካ ኮንካ፡ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ይግቡኡኻ፡**

1) ***ናይ ኮም ጠበቓ።*** ዕማም ሓደ ናይ ኮም ጠበቓ ኣብ ዝኾነ ሰዓት ናይ መዓልትን ኣብ ኩለን መዓልትታት ናይ ሰሙንን ናጻ ምስጥራዊ ናይ ጥብቅና ኣገልግሎት ምሃብ እዩ። እዚ ናይ ኮም ጠበቓ እዚ ዝስዕብ ናይ ደገፍ ኣገልግሎት የቕርብ፡ ሀ) ኣብ SMC 14.26 ከምኡ’ውን ኣብ ግዕዞ ናይ ስጉምትታ ንዘሎካ ኣማራጺታት ዝሰፈረ መሰላት ምብራህ፥ ለ) ንግላዊ ጥቕምኻ ዘገልግሉ ትውከሰሎም ኣገልግሎታት ምሃብ፥ ሐ) ከትገብር ድሌት እንተድኣ ሃልዩካ፡ ኣብ ምሕባር ብናይ ሆተል ጋሻ ናይ ዘጋጠመ ምግፋዕን ወይ ናይ መጥቃዕቲ ተግባርን ምሕጋዝ። ነዚ ኣገልግሎታት ምርካብ ምስ ምሕባር ብጋሻ ናይ ሆቴል ናይ ዘጋጠመ ዘይእሩም ጠባይ ብወዝቢ ኣይተሓሓዝን፡ ነዚ ኣገልግሎታት፡ ንዘሎካ ኣማራጺታት ንምድህሳስ ጥራይ ክትጥቀመሉ ትኽእል።

ከተማ ሲያትል ምስ King County Sexual Assault Resource Center (KCSARC) ኩንትራት ብምእታው፡ ናይ ኮም ሰረት ዘለዎ ን 24 ሰዓታት ናይ ሆትላይን ናይ ግዳያት ናይ ጥብቅና ትካል ነዞም ጸጋታት ከቕርብ እዩ፡፡ ናብ KCSARC ብምድዋል ስቱር ኣገልግሎት ክትረክብ ናብ’ዚ ደውል፡ 1-888-99-VOICE (1-888-998-6423). ብዛዕባ KCSARC ንምፍላጥ፡ ብኽብረትካ ኣብ’ዚ ኣብቲ ርአ፡ [https://www.kcsarc.org/.](https://www.kcsarc.org/)

2) ***ጠበቓ ንግዳይ ናይ ገበንን ካልኦት ኣብ ትሕቲ RCW 7.69.030 ዘለዉ መሰላትን።*** ብመሰረት ዝተማሓየሸ ሕጊ ናይ ዋሽንግተን (Revised Code of Washington, RCW) 7.69.030፡ ግዳያት ገበን ኣብ ናይ ገበን ቤ/ፍርዲ ወይ ናይ ትሕቲ ዕድመ ቤ/ፍርዲ ዝምልከቱ ጉዳያት ዝተፈላለዩ መሰላት ይውሃቦም። ካብ ጎነጽ ወይ ጾታዊ ገበን ዘምለጥካ ኣንተዳኣ ኮንካ፡ ኣብ ግዜ ክሲ ወይ ናይ ምክልኻል ሕቶታት ጠበቓ ግዳይ ናይ ገበን ምሳኻ ክህልው መሰል ኣሎካ። ግደ ጠበቓ ንግዳይ ናይ ገበን፡ ንዓኻ ዝኸውን ስምዒታዊ ደገፍ ምቕራብ እዩ። ብመሰረት RCW 7.69.030፡ ብተወሳኺ ምኽኑይ ዘይኮነ ምዱንጓይ ገዲፍካ ቀጥታዊ ሕክምናዊ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰልን ኣድላዪ እንተኾይኑ ናብ ቤ/ፍርዲ ንምኻድ ዝግበር ክሳራ ናይ ክፍሊታት ንምውሓድ ዝኾነ ሰብ ምስ ኣስራሒኻ ጣልቃ ምእታው። ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ካብ ገበን ንዝድሓኑ ዝውሃብ መሰላት ኣብ RCW 7.69.030 ርአ ።

ንሓበሬታ ብዛዕባ ኣገልግሎት ጥብቅና ግዳይ ናይ ገበን ክትረኽቦም እንተደሊኻ፡ Victim Support Services ኣብ 1-888-288-9221 ወይ KCSARC ኣብ 1-888-998-6423።

3) ***ናይ ኣውራጃ ኪንግ ፍሉይ ናይ ማህረምቲ ፕሮቶኮል (King County Special Assault Protocol)።*** እዚ ፕሮቶኮል መምርሒታት ንናይ ምትሕግጋዝ መርመራታትን ኣገልግሎታትን ኣብ ገለ ጉዳያት ዝርኣዩ ገበናት ናይ ኣውራጃ ኪንግ የዳሉ። ብመሰረት RCW 26.44.180 ከምኡ’ውን RCW 26.44.185 ከምዘስፈሮ፡ እዚ ፕሮቶኮል ንምምሕያሽ ቅንዕና ናይ መርመራታት፡ ንረብሓታት ግዳያት፡ ጥርጡራትን ሕብረተሰባትን ምሕላው ከምኡ’ውን ግቡእ ኣገልግሎታት ናይ ዝደሓኑን ስድራቤቶምን ከምዝህልው ንምርግጋጽ እዩ ተዳልዩ።

*ብዛዕባ እዚ ቅጥዒ ሕቶታት ዘለዎም ኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን ን ቤ/ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ (Office of Labor Standards, OLS) ኣብ 206-256-5297 ይርከቡዎም ወይ ናይ OLS መርበብ ሓበሬታ ኣብ’ዚ ኣብቲ ርአ [http://www.seattle.gov/laborstandards](http://www.seattle.gov/laborstandards).*

**ሕታም፡ 07/2020**